ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

# ኤርትራ ሓደ ካብ'ቶም
# ጀጋኑ ተቓለስታ ኣፉንያ !!

ጅግና ተቓላሳይ ዑስማን መሓመድ እስማዒል፣ ብዕለት 4/11/2021 ወጋሕታ፣ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ኣብ ከተማ ካይሮ ካብዛ ዓለም ብሞት ከም ዝተፈለየና ብምሕባር፣ ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሰመዓንና መሪር ሓዘን ንገልጽ።

ስዉእ ጅግና ብሪጋደር ጀነራል ዑስማን መሓመድ፣ ኣብቲ ልዕሊ ሓምሳ ዓመት ዝቐጸለ ምዑት ቃልስን ሃብታም ተመክሮን፣ ምእንቲ ህዝቡን ሃገሩን መዳርግቲ ዘይርከቦ ኣስተዋጽኦ ካብ'ቶም ዘበርከቶ ተቓለስቲ ብምኳኑ፣ ኤርትራ ሃገርና፣ ንውሉድ ወለዶ ዝመሓላለፍ ሃብታም ውርሻ ገዲፉላ ዝሓለፈ ብሉጽ ተቓላሳይ ኢዩ።



ሱዉእ ጅግና ዑስማን መሓመድ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም፣ ኣብ 1965 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰለፈ። ኣብ ዝተፈላየ ክፍልታት ጅግና ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ልሉይ ተራ ነበሮ። ብዘርኣዮ ናይ ምምራሕ ብቕዓት ድማ ከም መራሒ ብርጌድ ኮይኑ ተመዲቡ ብዙሕ ጅግነታትዊ ቅያ ሰረሐ። ኤርትራ ሃገርና ሓራ ድሕሪ ምውጻኣ፣ ካብ'ቶም ቀዳሞት ኸቢሮም ኣብ ሃገሮም ክነብሩ ዝግበኦም ሓርበኛታት'ኳ እንተነበረ፣ ካም ብዙሓት ብጾቱ፣ ብሰንኪ ገባትን ኣግላልን ስርዓት ህግደፍ እቲ ዝግበኦ ክብሪ ተነፈጎ። ሓርበኛ ዑስማን መሓመድ ኣብ ሃገርና ዲሞክራስን ፍትሕን ንኽነግስ ቃልሱ ክቕጽል ወሰነ። ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ውድብና፣ ኣቀዲሙ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ፣ ቀጺሉ'ውን ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ፣ ሃገራውን ውድባውን መሪሕ ግደ ክፍጽም ዝጸንሐ ጽኑዕ ተጋዳላይ ኢዩ።

ብመስዋእቲ ሓርበኛ ዑስማን መሓመድ እስማዒል፣ ብስም ኩሎም ብጾቱ ኣባላት ግሃድኤ፣ ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ደጊምና ብምግላጽ፣ ንክብርቲ በዓልቲ ቤቱን ንኹቡራት ደቁን ከምኡ'ውን ንምሉኣት ስድራ ቤቱን ተቓለስቲ ብጾቱን ፈተውቱን ከምኡ'ውን ንኩሎም ሃገራውያን ተቓለስትን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃበኩም ንብል። ንስዉእ ብጻይና ድማ ልዑል ፈጣሪ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

04/11/2021